# ባይቶ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛ ፎሩም (Forum) ኣብ ሱዳን
# ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣብ ከተማ ገዳርፍ ኣካይዱ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

**10.07.2005**

ባይቶ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፎሩም (Forum) ኣብ ሱዳን ብ9 ሓምለ 2005 "ስደተኛታት መሰረት ሰውራን፡ ሰነድ ናይ ለውጥን፡ ናይ ዳግመ-ህንጻ ሓይልን ኢዮም" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ኣቦ መንበር ባይቶ ኣል እስታዝ መሓመድ ኣልሓጅ ጠበንጃን ከምኡ ውን፡ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ኣኼባ ንምስታፍ ዝመጸ ኣልስታዝ መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ብምስማዕ ነቲ ኣኼባ ከፊቶሞ። ኣቦ መንበር ባይቶ ብተወሳኺ፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ባይቶ ክውን ንምግባር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝገበሮ ደገፍ ብስም ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፎሩም ኣመስጊኑ። ቀጺሉ፡ ጠንቅታት ናይ ስደትን ሳዕቤናቱን ብዝርዝር ገሊጹ። በቲ ንስደተኛታት ዝልብልቦም ዘሎ ሓዊ ከይሓልፈካን፥ ስቅያቱን ምረቱን ከይቀሰምካን ጸገማት ስደተኛታትን ዕምቆቱን ንምርዳእ ኣይከኣልን ኢዩ ኢሉ። ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ድሕሪቲ ስደተኛታት ብወለንታኦም ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣለዎም ተባሂሉ እተወሰነሎም ግዜ ምውዳኡ፤ ንስደተኛታት ዝገብሮ ዝነበረ ደገፍ ደው ምባሉ፤ ናብ ሃገሮም ንምምላስ ዘኽእሎም ጠንቅታት ስለዘኽተመ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሱዳን ክጸንሕሉ ዝግብኦም ግዜ ስለዝኣኸለ ጥራሕ ኢዩ ነይሩ። እዚ ምስ ወለንታዊ ናይ ስደተኛታት ምምላስ ዘይሳነ፡ ናይ ኣስገዳድ ምምላስን መሰል ስደተኛታት ዝኽሕድን ተግባር ኢዩ ነይሩ። ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዝኣመመቶ ከም ስደተኛ ቅቡል ወይ ንጹግ ክትከውን ዝውስን ዘይፍትሓዊ ናይ ምጽራይ መስርሕ ንምሕላፍ ዕድል ዘይረኸቡ ስደተኛታት፡ ትምህርታውን ሕክምናውን ኣገልግሎትን መግብን ዳርጋ ኣይውሃቦምን ኢዩ። እቶም ሕጋዊ ናይ ምጽራይ መስርሕ ዝሓለፉ ድማ፡ ኣብ ገለገለ መደበራት ስደተኛታት ድሕሪ ምእካቦም፡ ዝውሃቦም መግብን ኣገልግሎትን ውን፡ ካብቶም ተቐባልነት ዘይረኸቡ ይሓይሽ ደኣምበር፡ ኣዝዩ ውሑድ ኢዩ። ኮሚሽን ስደተኛታት፡ ከምዚ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፎሩም ዝብሃል ማሕበር ኣብ ዓ ለም ኣጋጢሙና ኣይፈልጥን፤ ምስ ከምዚ ዝኣመሰለ ማሕበር ሓቢርና ሰሪሕና ኣይንፈልጥን ኢና ካብ ዝብል መንቀሊ፡ ምስ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፎሩም ወይ ምስ ካብኡ ዝወጸ ትካላት ንምስራሕ ድልውነት ኣይርኣየን ኢሉ። ኣቦ መንበር ባይቶ ቀጺሉ፡ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፎርም፡ ንስደተኛታት ዝውክል ማሕበር ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ሰልፍታትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲኡ ዘጽልሉን ብዘይፍርሕን ብዘይምጥርጣርን ንሓባራዊ ዕላማታት ዝቓለስሉን፤ ከምኡ ውን፡ እዚ ፎርምዚ፡ እቲ ኣብ ሃገርና ክነግስ ትጽቢት እንገብረሉ ናይ ካልኦት ርእይቶ ዝኸብረሉን ዲሞክራስያዊ ስነ-ምግባርን ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉን ጽላል ውን ኢዩ ክብል ገሊጽዎ።

ብድሕርዚ፡ ኣልእስታዝ መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ እዚ ኣኼባዚ፡ ምስቶም ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ጐኒ ንጐኒ ኰይኖም እተቓለሱ ብጾቱ ንምርኻብ ዕድል ስለዝኸሰተሉ ሕጉስ ምዃኑ ገሊጹ። ቀጺሉ ኣነ ይኹን እዞም መቓልስተይ፡ እቲ ብመስዋእቲ ናይ ኵሎም ፖለቲካውን ማሕበራውን ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ብ1991 እተረጋገጸ ናጽነት፡ ዝሓለፈ መሪር መድረኽ ኣኽቲሙ፡ ኣብ ትሕቲ ሰላምን ርግኣትን ዝሰፈኖን፥ እተመጣጠነ ደረጃ ምዕ ባለ ዝረጋገጸሉን፥ ብዙሓት ሰልፍታት ዝዋስኣሉን ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ እንብገሰሉ ሓድሽ መድረኽ ክኸሰትን፤ ነቲ ኣብ መዋእል መግዛእቲ ዝኸሰርናዮን ዘሕለፍናዮን ነዊሕን ጽንኩርን ኵነታት ክንከሓሶ ኢና ብዝብል እምነትን ተስፋን ኢና ተቐቢልናዮ። እንተኾነ ግን፡ ብሰንኪቲ ተገሪህና ባዕልና "ንጉስ ኔሮ" ዝገበርናዮ ኢሳያስን ፖሊሲታቱን፡ ኵሉ

ሕልምታትና ከም ትኪ በኒኑ ተረፈ። እዚ ኩነታትዚ ድማ፡ ህዝብና እንደገና ንድሕሪት ተመሊሱ ከምብሓድሽ ምእንቲ ናጽነት ክቃለስ ግድን ገይርዎ። እዚ ባዕልና ኣብ ርእስና ዝሰቐልናዮ ኢሳያስ እዚ፡ ንናይ ህዝብና ስቕያት ዘዕሙቕን ዘናውሕን ሓድሽ ኣገባባት ብምምሃዝ ጥራሕ ኢዩ ዝሕጐስን ዝፍሳህን ኢሉ።

ብምቕጻል፡ ሓው መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ ንስደት ናይ ህዝብና ኣመልኪቱ ኣብ ክልተ መድረኻት ከፋፊሉ ገለጸ። እቲ ቀዳማይ መድረኽ፡ ብሰንክቲ መሬት ብምንዳድ፡ ህዝቢ ኣጽንትትን ምንጭታት ናይ ሰውራ ድማ ኣድርቕን ዝብል መግዛእታዊ ፖሊሲ ብ1967 ዝጀመረ፡ ግን ብሳላ ጽንዓት ህዝብናን ኣብ ጐድኒ ሰውራኡ ደው ምባሉን ዝፈሸለ፡ ዋሕዚ ናይ ስደተኛ ክኸውን እንከሎ፤ እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ብሰንኪቲ ባድመ ንምምላስ ብዝብል ምስምስ፡ ስርዓት ኢሳያስ ምስ ኢትዮጵያ ዘባርያ ናይ መወዳእታ ውግእ፡ ዝሰዓበ ዋሕዚ ናይ ስደተኛታት ኢዩ። ትዕቢትን ግጉይ ሚዛንን ስርዓት ኢሳያስ እንተዘይከውን ነይሩ፡ ነቲ ዶባዊ ምስሕሓብ ብሰላም ምዕራፍን፡ ንዝሰዓበ ብርሰትን ስቕያትን ንምውጋድን ባድመ ድማ ኣካል ኤርትራ ኰይና ክትቕጽልን ይከኣል ነይሩ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኢሳያስ፡ ነቲ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ማሕበረ-ሰባት ከም መንጐኛታት ኰይኖም ነቲ ጐንጺ ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ ንምፍታሕ ዝወሰድዎ ተበግሶታት ተቐቢሉ ነይሩ እንተዝኸውን፤ እዚ ኵሉ ዕንወትን ብርሰትን ኣይመጋጠመን፤ መሬትን ክብርን ኤርትራ ሰብኣዊ ዓቕምታታን ውን ክዕቀብ ምተኻእለን ነይሩ ኢሉ።

ንናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፎሩም ኣመልኪቱ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያት፡ ግደ እቲ ማሕበር ኣብ ሰብኣዊ መዳያት ጥራሕ ዘይኰነስ፥ እቲ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መእተውን መሳርሕን ናይቲ ኣብ ሃገርና ንምርግጋጹ እንቃለስ ዘሎና ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ምምላስ ክብሪ ኤርትራዊ ዜጋን ኢዩ ኢሉ። እዚ ከኣ፡ ነቲ እንጽበዮ ዘሎና ዕላማታት ንምርግጋጽ ግደን ሓላፍነትን ናይ ባይቶኹም ዝያዳ ዝተዓጻጸፈ ኢዩ ዝገብሮ። እዚ ግን፡ ድሕሪ ወድዓዊ ገምጋም ንሕሉፍ ኣሰራርሓኹም ምግባርን፤ ካብኡ ተበጊስኩም ነቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ዕላማታት ንምርግጋጽ ብሓያል ድሌት ንቕድሚት ክትስጕሙ እንተደኣ ሓሊንኩም ኢዩ ኢሉ።

ብድሕርዚ፡ ዋና ጽሓፊ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፎሩም፡ ኣልእስታዝ ሓምድ ደላሻይ፡ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ እተሳላሰሉ ዕማማትን፤ ፈጻሚ ሽማግለ ማሕበር ዘረጋገጾምን ዘይተዓወተሎምን ስራሓትን፤ ዘጋጠሙ ጸገማትን፤ ንመጻኢ መደረኽ ክሰላሰሉ ዘለዎም ዕማማትን ዘጠቓለለ ጸብጻብ ኣቕረበ።

ኣብዚ ጸብጻብዚ ተመርኵሱ ባይቶ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ንዝተኻየደ ስርሓት መብርሂታትን ሓተተን ትዕዝብትታቱ ገለጸን። ዋና ጽሓፊ ድማ፡ ንኵሉ ዝቐረበ ሕቶታትን ርእይቶታትን መልስን መብርህን ሃበን ርእይቶኡ ገለጸን። ዋና ጽሓፊ፡ ብዛዕባ ዑደት ልኡኽ ፎሩም ናብ ኖርወይ ንዝቐረበሉ ሕቶ ክምልስ እንከሎ፡ ዑደትና ናይ ምድህሳስን ምፍላጥን ዑደት ኰይኑ፡ ነቶም ክንራኸቦም ዝኸኣልና ኖርወጃውያን ብቓል ይኹን፡ ነዚ ዕላማዚ ኢልና ኣዳሊናዮ ብዝነበርና ናይ ቪድዮ ካሰት ኣቢልና፡ ኵነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳንን ዘጋጥሞም ጸገማትን ገሊጽና ኢና ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፈጻሚት ሽማግለ፡ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ብማዕረቲ ኣባላታ እተጸበይዎ ደረጃ ኰይና ከምዘይተረኽበት ባይቶ ብምልኣት መዚኑ። ከምኡ ውን፡ ዋላኳ ነቲ ዝቐረበ ምኽንያታት ጠሪሱ ዕሽሽ እንተዘይበለ፡ ትካላዊ ኣሰራርሕ ሰኹሩ ምንባሩ ግን ኣብ ሓባራዊ ገምጋም በጺሑ። ትካላዊ ኣሰራርሕኳ ኣይንበር ደኣምበር፡ ዋና ጽሓፍን ካልኦት ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለን ነቲ ማሕበርን ዕላማታቱን ህያው ኰይኑ ንኽቕጽል ዝገበርዎ ጻዕርታት ኣመጕሱ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ዝመጽእ መድረኽ ብትካላዊ ኣሰራርሕ ምምእዛዝ ግድንን መተካእታ ዘይብሉን ምዃኑ ኣስሚርሉ።

ድሕሪ ነዊሕን ጠቓምን ክትዕ፡ ባይቶ፡ ነቲ ዝቐረበ ገንዘባውን ስነ-ጽሑፋውን ጸብጻብ ብምሉእ ድምጺ ኣጽደቖ፤ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ውን ኣሕሊፉ።

- ኣብ መጀመርያ ሰሙን ናይ ውርሒ ታሕሳስ 2005 ኣብ ካርቱም ጉባኤ ክካየድ፤
- ብ16 ኣባላት ዝቖመት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ክትቀውም፤

1. ሰለስተ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ፤
2. ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 6 ኣባላት ባይቶ፤
3. ሓደ ካብ ማሕበር ሓካይም ኤርትራ፤
4. ሓደ ካብ ጠቕላል ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ፤
5. ምስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብምትሕብባር፡ ናይ ሕጊ፡ ናይ ቋንቋ፡ ማሕበራዊ ተመራማሪ፡ ናይ ስነኣእሙራዊ ተመራማሪ፡ ከምኡ ውን ሓደ ብንጥፈታቱ እተመስከረሉን ብጉዳይ ስደተኛታት ዝግደስን ዝርከብዎም 5 ባእታታት።

ከምኡ ውን፡ ብዝሒ ናይ ጉባኤተኛ ካብ 150 ከበዝሕ ከምዘይብሉን፤ በዚ ዝስዕብ ናይ ተሳትፎ ሰሌዳ ክኸውንን ተወሲኑ

1. 60% ካብ መደበራት ስደተኛታት፤
2. 20% ካብ ከተማታት
3. 20% ደቂ ኣንስትዮ።

ካብ ነፍስወከፍ መደበር ስደተኛታትን። ካብ ነፍስወከፍ ከተማን ክንደይ ይሳተፉ ዝብል ሕቶ ድሕሪ ዘድሊ መጽንዕቲ ምግባር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ክትውስኖ ተገዲፉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፈጻሚት ሽማግለን ዋና ጽሓፊኣን ንኹነታት ናይዞም ሓደስቲ ስደተኛታትን ዘጋጥሞም ጸገማትን ክከታተሉን፤ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምርኻብ ሽግራቶም ክቃልልሎምን ባይቶ ተላብዩ። ከምኡ ውን፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ንተሳትፎ ናይ ሓደስቲ ስደተኛታት በቲ ንመደበራትን ከተማታትን ደቂ ኣንስትዮን ዝምልከት ተወሲኑ ዘሎ መዐቀኒታት ከተረጋግጽ ተላብዩ።

ባይቶ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፎሩም ብሓምለ 1997 ኣብ እተኻየደ ጉባኤ ከምእተመርጸ ዝዝከር ኢዩ። ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ውርሒ ሓምለ ድማ፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ገለ ካብ ኣባላቱ ብሞት ተፈልዮሞ ኢዮም። ንመወቲ መንግስተ-ሰማያት የዋርሶም፡ ንቤተ-ሰቦም ድማ ጽንዓት ክህቦም ብምምናይ ኣኼባ ባይቶ ተዛዚሙ ክብል ወኪል ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ ገዳርፍ ዘመሓላለፎ ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።